# ኣሰቃቒ ኩነታት መንእሰያት ኤርትራ

ህግደፍ ብዝኸተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ፖለቲካዊ ወትሃደራውን ሜላ መንእሰያት ኤርትራ ንቡር ማሕበራዊ ናብርኦምን መጻኢ ጽቡቕ ተስፋኦምን ሓሪሙ: ብኣስገዳድን ምልካዊ ኣዋጅን ኣብ ወትሃደራዊ ዕርድታትን መዓስከራትን መወዳእታ ዘይትርእየሉ ድፋዓትን: ግልያዊ ስርሓትን ካብ ዝዳግኖም እንሆ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ።
እዚ ዘስዓቦ እቶም መጻኢ ወለዶ ክትክኡን: ንሃገር ክሃንጹን ዝግብኦም መንእሰያት ኤርትራ: ካብ መስገደል ባርነት ህግደፍ ንምውጻእ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ተበቲኖም ይርከቡ።
ብዙሓት ካብኣቶም ንኤውሮጳን ካልኦት ክፍሊ ዓለምን ክስግሩ ኣብዝፈተንሉ: ኣብ ኣጻምእ ምድረበዳን ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ይቕዘፉን ይጥሕሉን ኣለዉ።
ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ከም በዓል ጥልያንን ማልታን ምስ በጽሑ ዝሕልፍዎ ዘለዉ ኣሰቃቒ ናብራ ኸኣ ንኽትዕዘቦ ሰብኣውነትካ ዝቐንዙ ኩነታት ኣለዉ።

ኣቐዲሙ ከምተጠቐሰ ናይዚ ኩሉ ሰበብ ጸቓጢ ስርዓት ህግደፍ ከምዝኾነ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ዳግማይ ትዕዝብቱ ኣቕሚጡ።
ህዝቢ ኤርትራ ራህዋ ዝረክብ ህግደፍ ዝፈጠሮ ገሃነባዊ ስርዓት ምስ ዝእለ ጥራይ ሰላም ክምዝሰፍን ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ብተወሳኺ ማእከላይ ባይቶ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ: ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ዘሕልፍዎ ጸበባ ኣብ ምቕላሉ ፈጻሚ ሽማግለ ኣቓልቦ ክህቦ ማእከላይ ባይቶ ወሲኑ።

ካልኣይ ምጹብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ<br>
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ<br>
6 ግንቦት/2007<br>
ፍራንክፈርት/ ጀርመን